ARCHAIC ERITREAN ORTHODOX TEWAHDO CHURCH IN NORTH AMERICA
P.O.BOX 27461 WASHINGTON, D.C. 20038

# ጥንታዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ
# ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ

## "ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ - ኣሜን።

ብስም ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ንኡስ ሃገረ ስብከት ኢሉ
ዝሰመ ናይ ምድንጋር ማህደር ይቀላዕ !!!!

ንኹሎም ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣመንቲ ( ኦርየንታል ኦርቶዶክስ)፡ ብፍላይ ድማ ንኤርትራውያን ምእመናን ክንብሎን ክንገልጾን እንደሊ እንተሎ ሓደ ኣማኒ ትካልን ቅርጻን ናይ ቤተ ክርስትያኑ እንድሕሪ ብርግጽ ዘይፈሊጡን ተገንዚቡን ብዝኾነ ዘንባዕ መግለጺ ክዳናገር ስለዝኽእል፡ እነሆ ብሕጽር ዝበለ ቅርጽን ትካል ቤተ ክርስትያና ብኽምዚ ዝስዕብ ነቕርቦ። እዚ ድማ ብመሰረት ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ እዩ።

### ምዕራፍ 6
### ኣዕማድ ምምሕዳር ቤተ ክርስትያን

#### ኣንቀጽ 27 መሠረት

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን እዞም ዚስዕቡ ናይ ምምሕዳር ኣዕማድ ኣለውዋ።

ሀ. ቅዱስ ሲኖዶስ
ለ. መንበረ ፓትርያርክ
ሐ. ሃገረ ስብከት (መንበረ ጵጵስና)
መ. ንኡስ ሃገረ ስብከት
ሠ. ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስትያን

### ክፍሊ ሓደ

#### ኣንቀጽ 28 ቅዱስ ሲኖዶስ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ላዕለዋይ መንፈሳዊ ኣካል ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ። ብመሠረት ቀኖና ቤተ ክርስትያን ድማ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፥

ሀ. ናይ ሃገረ ኤርትራ ፓትርያርክ / ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት / ኣቦ መንበር።

ለ. ሊቃነ-ጳጳሳት

ሐ. ጳጳሳት / ኤጲስቆጶሳት/ እዮም።

መ. ሲኖዶስ ቁጽሩ ከም ናይ ሓዋርያት ክምልእ እንተ ደለየ ካብ ደገ ባዕሉ መሪጹ ይውስኽ።

<u>ኣንቀጽ 30 ሥልጣንን ኃላፍነትን ቅዱስ ሲኖዶስ</u>

ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ቤተ ክርስትያን <u>ላዕለዋይ ሕጋዊ ኣካል</u> እዩ። ከከም ኣድላይነቱ ንቤተ ክርስትያን ዝኸውን ሓድሽ ሕጊ ንምውጻእ፡ ደረጃ <u>ሥልጣን ክህነት</u> ዚምልከት ኮነ <u>ንምምሕዳር</u> ቤተ ክርስትያን ዝምልከት ኣንቀጽ የውፅእ ወይ ከአ ናይ ቤተ ክርስትያን መቕጻዕቲ ንምምሕያሽ ወይ ንቤተ ክርስትያን ዚኸውን ኣንቀጻት ንምውፃእ ሥልጣን ኣለዎ።

እምበአርከስ ክቡራት ተዓዘብቲ ቅርጻን፣ ሥልጣንን፣ ሓላፍነትን ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ሪኢናዮ ኣሎና: ብተወሳኺ <u>ኣብ ፍሉይ ገጽ ስእላዊ ቅርጻ ስርዒት</u> <u>ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ</u> ኣቕሪብናልኩም ኣሎና። እሞ እዞም ባዕላቶም ዝሸየሙን ባዕላቶም ዝዓብዩን ደአ እንታይ እዮም ዝብሉና ዘሎው? ወይሲ ናይ ምድንጋር <u>ካባ</u> ለቢሶም ሰብ ከምዝዕዘቦም ስለዘይፈልጡ ድዮም ወይ ምእመናን ተዋህዶ ዘይነስተውዕል እእቡዱ (እብዲ) ቆጺሮምና እዮም። እስከ ብሕጽር ዝበለ ነቲ በብእዋኑ ዝጸሐፍዎ ሃጠው ቀጠው ፊደላቶም ተኻታቲልካ መልሲ ምሃብ ነንበብቲ ዝስልክን ግዜ ዘጥፍእን እኳ እንተኾነ ስቕ ኢልካ ንኽትዕዘቦ ድማ ንገለገለ ገርሂ ልቦም (ንጹሃት) ክዳናገሩ ስለ ዝኽእሉ ገለ ካብ ዝብልዎ ንርኤ፥

1. ቀሺ ገብረሚካኤል - ኣነ ኣይከኣልኩን ካብ ሓላፍነተይ ብነጻ ድልየተይ ክለቕቕ እየ ንዝበሎ ቅዱስ ሲኖዶስ ድማ ቅቡል ገይሩ ናይ ደቁን ምእመናኑን ሓላፍነት ወሲዱ <u>ብዝኽእሉን ዝበቕዑን ጳጳስ</u> ንኽመሐደር ካብ ንኡስ ሃገረ ስብከት <u>ብሃገረ ስብከት</u> ክመሐደር ብማለት መጀመርያ ብዕለት 21-07-2005 ብምቕጻል ከአ 16/09/2005 ብፁዕ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣብ ዝመርሕዎ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ወሲንዎ። ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ ንሰሜን ኣሜሪካ ከም ዝተመደቡ ዘረጋግጽ ኣብቲ ጉባኤ (28 ሓምለ 2005) ተወከልቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ከምዝተነበን ንኹለን ኣብያተ ቤተ ክርስትያናት ድማ እቲ ጽሑፍ ከምዝተዘርጌሖን ንማንም ስውር ኣይኮነን። ኣብዚ እዋንዚ ድማ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሉቃስ ብዕሊ ብሲኖዶስ ተወኪሎምን ዘምጽኦም ጉዳይ ከአ፡ ካብ ቀሺ ገብረሚካኤል ሓላፍነት ተረኪቦም ንብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ ከረክቡ እዩ። እንተኾነ ብስርዓትን ሕግን ናይ ሲኖዶስ ዘይምእዘዙን ዘይእዘዙን ሸፋቱ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ቀሺ ገብረሚካኤል የውሃንስ ዝመራሒኦም ንጳጳሳትናን ንሲኖዶስናን የናሽውን የባጭውን ከም ዘሎው ኩሉ ኣማኒ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ክፈልጦ ይግባእ።

2. ብዕለት 17 መስከረም 2005 ( 7 መስከረም 1998 ግእዝ) ኣብ ናይ <u>ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን</u>፡ ዝብል ንኡስ

ኦርእስቲ ብዝምልከት፡ እዚ ኣባሃህላ እዚ፡ ናይ ብሓቂ ናይ እምነትናን ኣባሃህላናን ትሕዝቶን እዩ። ኰይኑ ግና ከመየ ጎይታናን መድሃኒናን እየሱስ ክርስቶስ ዝብሎ ኣብ ዮውሃንስ ወንጌል ምዕራፍ 8 ቁ. 38 “ኣነ ኣብ ኣቦይ ዝረአኽዎ ይዛረብ ኣሎኹ ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ኣቦኹም ዝረኣኽምዎ ትገብሩ ኣሎኹም” ንዝብል ኣበሃህላ እዩ ዘዘከረና፡ ማለት ህጹጻት ተጋባእቲ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ብሃልቲ ኣሽምባይዶ ኣሰር ክርስቶስን ሃዋርያትን ናይ ሰለስተ ጉባኤታት ቅዱስ ሲኖዶስን ማለት ኒቅያ፣ ቀስጥንጥንያ፣ ኤፌሶን፡ ክትቅበሉ ነቲ ሲኖዶስ ኤርትራ ዝቐበልን ዝምእዘዝን ንዕዑ ነጺግኩም፡ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኣሜሪካ ኢና እንዳበልኩም ከተዳናግሩ መሕብኢ በዓቲ ረኺብኩም ንዕኡ ክትብርዙን ክትሰርዙን ትርከቡ። (ክጥዕመካን መንፈሳዊ ክሐስመካን ስጋዊ እንዳኾንካ ከም ነፋሒቶ ምልውዋጥ ኣሰር ሃዋርያትን ወለድናን ኣይኮነን)። ንስኻትኩም ኣሰር ኣርዮስን፣ ንስጥሮስን፣ ልዮንን፡ ትጓዓዙ ከምዘሎኹም ንማንም ኣማኒ ርግጽ ይኹን። በዚ መሰረት እዚ ድማ ኢና ከመዮ የውሃንስ 8 — 38 ዝብሎ ግብሪ ኣቦታትኩም ኣርዮስን ንስጥሮስን ልዮንን ትጓዓዙ ኣሎኹም ንብል።

3. ኣብቲ 7ይ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ (ንሃ. ስብከት ኣሜሪካ ተዛዚሙ) እትብል ጽሑፎም፡ 19 ቤተ ክርስትያናትን 6 ማሕበረ ምእመናንን ከምዝተሳተፉ ሐቢሮም ካብዘን ኩላተን ኣብያተ ቤተ ክርስትያናትን ማሕበራትን ግና ኣብቲ ብዕለት 17 መስከረም 2005 ዝተጸወዔ ህጹጽ ጉባኤ ብዘይካ 5 (ሐሙሽተ) ኣቕሽቲ ካልእ ኣይነበሩን። እቶም ዝነበሩ ካህናት ድማ፥

1. ቀሺ ገብረሚካኤል - ኣትላንታ
2. ቀሺ ተኽለሃይማኖት - ሎስኣንጀለስ
3. ቀሺ ተኽስተ - ስያትል
4. ቀሺ ዲበክሉ - ኦክላንድ
5. ቅሲ ወልደትንሳኤ - መድሃኒ ዓለም ዋሽንግቶን ዲ.ሲ.

ስለዚ ክቡራት ተዓዘብቲ እዚኣቶም ድዮም ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ዝበሃሉ? እዞም ሐሙሽተ ድዮም ኣፎም መሊኦም ወሰንቲ ናይ ቤተ ክርስትያንን ምእመናንን ናይ ኤርትራ? እዚ ብምሉኡ ንተዓዘብቲ ንገድፎ።

4. ንኡስ ሃገረ ስብከት ከም ዝበሎ ኣቦ (ጳጳስ) ከነሕድር ዓቕሚ የብልናን፡ ዝብል ኣበሃህላ ካብ መሰረቱ ዘሕድር <u>ምእመን</u> ደኣ እምበር ንሳቶም ኣይኮኑን። ንባዕላቶም ሕዱራት መን ወሰንቲ ገይርዎም፡ ብተወሳኺ ነፍስወከፍ ቤተ ክርስትያን ኣባል ብውሕዱ $500.00 ንዓመት ዝልእከኦ ኣበይ የውዕልዎ ኣሎው። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ እንድሕሪ ኣብ ሐጺር እዋን $167,000.00 ንመንበረ ፓትርያርክ ክልእኩ ኪኢሎም ከመይ ደኣ ንሓደ ኣቦ (ጳጳስ) ንምምሕዳር ጸጊሙ? ብሐፈሻኡ ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ሓሶትን

ምድንጋርን መወዳእታ የብሉን። ስለዚ ከመየ አቦታትና ዝብልዎ "ንለባም አምተሉ ክንደይ ከይስሕቶ ንዓሻንከ ዶርጋሐሉ ክንደይ ከይፈልጦ" እዩ እሞ፡ ንምእማት ዝአክል " ማይ ባሕሪ ብጭልፋ" ከምዝበሃል ቁንጣሮ ተግባራቶም ጥራይ ኢና ጠቒስና።

እምበአር ክቡራት አመንቲ <u>ድሕሪ አቦኻ ሞት ግደኻ እዩ</u> እሞ ነዞም መጽሐፍ ቅዱስና ዝተነበየሎም ቆርበት በጊዕ ዝለበሱ <u>ተኲሉ</u> ክንፈልጦም፡ ከምኡ ድማ ብዘይአፍልጦን ከይተረዳአናን ምስኦም ብምሕባር ናይ ትንቢት ፈጻምቲ ከይንኸውን ክንጥንቀቕ ይግባአና።

## አምላኽ አቦታትና ቤተ ክርስትያናን ምእመናን ሃገርናን ይሐሉ፡

## አካየድቲ ሽማግለ



ቅዱስ ሲኖዶስ
ናይ መንበረ ፓትርያርክ ጠቕላሊ ሰባኻ መንፈሳዊ ጉባኤ
ናይ መንበረ ፓትርያርክ ጠቕላሊ ሰበኻ መንፈሳዊ አመሓዳሪ ጉባኤ
መንበረ ፓትርያርክ
ናይ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ጠቕላሊ መንፈሳዊ ጉባኤ
ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና
ናይ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና መንፈሳዊ አመሓዳሪ ጉባኤ
ንኡስ ሃገረ ስብከት ጠቕላሊ መንፈሳዊ ጉባኢ
ንኡስ ሃገረ ስብከት
ንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጠቕላሊ አመሓዳሪ ጉባኢ
ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስትያን